| **English** | **Tigrinya** |
|---|---|
| Page 1 | |
| Other formats available | ብኻልእ ቅድታት ይርከብ'ዩ |
| **A guide to your tenancy** | **ንዝኣተኽሙዎ ስምምዕ-ክራይ ዝምልከት መምርሒ** |
| *A summary of important rights & responsibilities* | *ጽሟቕ ኣገደስቲ መሰላትን ግቡኣትን* |
| *Revised November 2009* | *ሕዳር 2009 ተመሓዩሹ* |
| Page 3 | |
| **A guide to your tenancy** | **ንዝኣተኽሙዎ ስምምዕ-ክራይ ዝምልከት መምርሒ** |
| KNH s mission is, Quality homes and services in successful communities. | ተልእኾ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኽባቢ ኪርክሊስ (KNH)፡ ኣብ ዕውታት ማሕበረ-ኮማት ብዓይነቱ ብቑዕ ዝኾነ ኣባይትን ኣገልግሎታትን ከምዚህሉ ምግባር እዩ። |
| One way we can help our communities succeed is by making sure all our tenants fully understand their rights and responsibilities. | ዘለዋና ማሕበረ-ኮማት ንኽዕወታ ኽንሕግዘለን እንኽእል ሓደ መንገዲ፡ ተኻረይትና፡ ነቲ ዘለዎም መሰላትን ግቡኣትን ምሉእ ብምሉእ ከምዝርድኡ ብምግባር እዩ። |
| We have written this guide to give you a short summary of the main rights and responsibilities you have as a Kirklees Council tenant. | ሓጺር ጽሟቕ ናይቲ ከም ተኻራያይ ቤት ምኽሪ ኪርክሊስ (Kirklees Council) መጠን ዘለኩም ቀንዲ መሰላትን ግቡኣትን ንዓኹም ንኽንህብ፡ እዚ መምርሒ'ዚ ኣዳሊናዮ ኣሎና። |
| It is not a list of everything you need to do to keep your tenancy - please see your Tenancy Agreement for the full details.<br><br>**If you are not clear about anything in your Tenancy Agreement, please contact us (see page 11).** | ንዝኣተኽምዎ ስምምዕ-ክራይ መታን ኽተኽብሩ ክትገብርዎ ናይ ዘድልየኩም ኩሉ ነገር ዝርዝር ስለዘይኮነ - ምሉእ ሓበሬታ ንምርካብ ብኽብረትኩም ንስምምዕ-ክራይኩም ርኣዩ።<br><br>**ኣብ ስምምዕ-ክራይኩም ዘሎ እሞ ኽሳ ዘይበርሃልኩም ዝኾነ ነገር እንተልዩ፡ ብኽብረትኩም ንዓና ተወከሱ (ገጽ 11 ርኣዩ)።** |
| **Important** - If you are a new tenant then you may have an | **ኣገዳሲ** - ሓድሽ ተኻራያይ እንተኼንኩም፡ መባእታዊ ስምምዕ-ኽራይ |

| | |
|---|---|
| Introductory Tenancy Agreement. | (Introductory Tenancy Agreement) ከምእትኣትዉ ይግበር። |
| As an Introductory Tenant, you should have received a leaflet called 'Introductory Tenancy Scheme.' If you don t have a copy please ask for one. | ከም መባእታዊ ተኻራያይ መጠን፡ 'መደብ መባእታዊ ስምምዕ-ኽራይ' ('Introductory Tenancy Scheme') ተባሂሉ ዚጽዋዕ ንኡስ-ጽሑፍ ከምዝውሃበኩም ኽግበር እዩ። ቅዳሕ ዘይብልኩም እንተኾይኑ፡ ብኽብረትኩም ሕተቱ። |
| Page 4 | |
| **Your relationship with KNH** | **ምስ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኸባቢ ኪርክሊስ (KNH) ዘለኩም ዝምድና** |
| Your tenancy agreement tells you what you need to do as a tenant and what KNH needs to do (KNH manages your home on behalf of Kirklees Council). | እቲ ዝኣተኽምዎ ስምምዕ-ኽራይ፡ ከም ተኻራያይ መጠን ኽትገብርዎ ዘድልየኩም እንታይ ምዃኑ፡ ከምኡውን ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኸባቢ ኪርክሊስ (ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኸባቢ ኪርክሊስ፡ ኣብ ክንዲ ቤት ምኽሪ ኪርክሊስ ኮይኑ ንቤትኩም ዘመሓድር'ዩ) ኽገብሮ ዘድልዮ እንታይ ምዃኑን ሓበሬታ ይህብ። |
| It explains what KNH can do if you don't do the things that the agreement tells you to do. | እቲ ስምምዕ ኽትገብርዎ ንዚሕብረኩም ነገራት ምስዘይትገብሩ፡ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኸባቢ ኪርክሊስ እንታይ ኽገብር ከምዚኽእል ይገልጽ። |
| We only ask you to do things that are fair and reasonable under English Law. | ብመሰረት ሕጊ እንግሊዝ፡ ቅቡላትን ብቑዓትን ነገራት ጥራይ ንኽትገብሩ ንሓተኩም። |
| **What you must do - Your tenancy** | **ብመሰረት ስምምዕ-ኽራይኩም - ኽትገብርዎ ዚግብኣኩም እንታይ እዩ** |
| You have the same rights as your neighbour. | ልክዕ ኸም ጐሮቤትኩም ሓደ ዓይነት መሰላት ኣለኩም። |
| You have the same responsibilities such as paying your rent on time, looking after your home and showing that you respect your neighbours through thoughtful behaviour. | ኣብ ግዚኡ ኽራይኩም ምኽፋል፣ ንገዛኽም ምኽትታልን ሓልዮት ብዚመልኦ ጠባይ ድማ ንጐሮቤትኩም ኣኽብሮት ምሃብን ዝኣመሰሉ ግቡኣት ድማ ኣለውኹም። |
| We will give you help and advice on how to exercise your rights and how to keep up to your responsibilities. | ንዘለኩም መሰላትን ብኸመይ ኽምእጥቀምሉን ንግቡኣትኩም ድማ ብኸመይ ከምእተኽብሩን ዚምልከት ሓገዝን ምኽርን ኽንህበኩም ኢና። |
| However, if you break the terms of your tenancy agreement, for example by not paying your rent or causing trouble, then we will take action and you could end up losing your home. | እንተኾነ ግን፡ ዘለኩም ኽራይ ዘይምኽፋል ወይ ጨውጨውታ ምፍጣር ንዝኣመሰለ ኩነታት-ውዕል ስምምዕ-ኽራይኩም እንተድኣ ጥሒስኩም፡ ስጉምቲ ኽንወስደልኩም ኢና፣ ንገዛኹም ድማ ኽትስእንዎ ትኽእሉ ኢኹም። |
| Page 5 | |
| **Your rent and other bills** | **ኽራይኩምን ካልእ ኽፍሊታትን** |
| You must make sure that you pay your rent. | ንኽራይኩም ኽትኸፍሉ ይግባእ። |
| You must try not to get behind with your rent but if you do, then you must make arrangements with KNH to catch up. | ኣብ ምኽፋል ኽራይኩም ኽትድንጉዩ ኣይግባእን፣ እንተደንጒኹም ድማ ንኽትከፍልዎ ምስ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኸባቢ ኪርክሊስ (KNH) መደባት ኸተውጽኡ ይግባእ። |
| If you qualify for Housing Benefit then you must do everything you can to apply for it and keep it up to date. If your Housing | ንመንግስታዊ ሓገዝ (በነፊት) ኣባይቲ ብቑዓት እንተኼንኩም፡ ንዕኡ ንምርካብን እዋናዊ ሓበሬታ ከምዚህልዎ (update) ንምግባርን እትኽእልዎ |

| | |
|---|---|
| Benefit doesn’t cover all of your rent then you must pay the remainder. | ኩሉ ነገር ክትገብሩ ይግባእ። መንግስታዊ ሓገዝ ኣባይቲ ንዘለኩም ኹሉ ክራይ ንኽሸፍን እኹል ስለዘይኮነ፡ ነቲ ዚተረፈ ክትከፍሉ ይግባእ። |
| Housing Benefit will not be paid until you move into your property | መንግስታዊ ሓገዝ ኣባይቲ፡ ናብቲ ገዛ ክሳዕ እትግዕዙ ኣይኽትውሃቡን ኢኹም። |
| If you have problems paying your rent, we have a team of money advisors who can help. They can also help you deal with any other money troubles you might have. | ክራይኩም ኣብ ምኽፋል ጸገማት እንተጋጢምኩም፡ ክሕግዝኹም ዝኽእሉ ጉጅለ ኣማኸርቲ ገንዘብ ድማ ኣለውና። ክህልወኩም ንዚኽእል ካልእ ጸገማት ገንዘብ ኣብ ምፍታሕ ድማ ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም። |
| If you re struggling to pay your gas and electricity bills, we also have a team of energy advisors who can help you save money and make sure you re getting the best deal. | ንኽፍሊት ጋዝን ኤለትሪክን ኣብ ምኽፋል ትጽገሙ እንተሊኹም፡ ገንዘብ ንኽትዕቅቡን ብሉጽ መፍትሒ ንኽትረኽቡን ክሕግዝኹም ዝኽእሉ ጉጅለ ኣማኸርቲ ጸዓት ድማ ኣለውና። |
| Telephone numbers for the KNH Money Advice and Energy teams are on page 10. | ቁጽርታት ተሌፎን ጉጅለታት ጸዓትን ምኽሪ ገንዘብን ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኸባቢ ኪርክሊስ (KNH Money Advice and Energy teams)፡ ኣብ ገጽ 10 ይርከብ እዩ። |
|  | |
| **Looking after your home** | **ንገዛኹም ምክትታል** |
| You are responsible for decorating your home and for keeping your home clean and tidy. | ገዛኹም ንኸተጸባብቁን ንገዛኹም ድማ ኸተጽርዩን ጽፉፍ ንኽትገብሩን ሓላፍነት ኣለኩም። |
| If you or anyone who lives with you or visits you damages your home, then you will have to pay to put it right. | ብኣኹም ወይ ምሳኹም ብዚቕመጥ ዚኾነ ሰብ ወይ ንዓኹም ብዚበጽሓኩም ሰብ፡  ገዛኹም ምስ ዚበላሾ፡ ንዕኡ ንምዕራይ ዚወጽእ ገንዘብ ኸምእትኸፍሉ ኽግበር እዩ። |
| You must ask KNH’s permission before making any big changes to your home or if you are thinking of running a business from it. | ኣብ ገዛኹም ዝኾነ ዓቢ ለውጥታት ቅድሚ ምግባርኩም ወይ ድማ ኣብቲ ገዛ ኼንኩም ዋኒን ንኽትካይዱ ትሓስቡ እንተሊኹም፡ ፍቓድ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኸባቢ ኪርክሊስ ኽትሓቱ ይግባእ። |
| You must not use your home to do anything that is against the law like selling drugs. | ከም ምሻጥ ድራግ ዝኣመሰለ ኣንጻር ሕጊ ዝኾነ ነገር ንኽትገብሩ ንገዛኹም ኽትጥቀሙ ኣይግባእን። |
| If you have a garden, you should cut the grass and keep it clear of any rubbish. The Council s Environmental Waste Service offers free bulky rubbish collections (see page 10). | ጀርዲን እንተልዩኩም፡ ንሳዕሪ ኽትቖርጹን ንዝኾነ ጐሓፍ ድማ ኸተጽርዩን ይግባእ። ኣገልግሎት ጽሬት ኣከባቢያዊ ረስሓት ቤት ምኽሪ (Council’s Environmental Waste Service)፡ ንዓበይቲ ጐሓፍ ብናጻ ይጉሕፍ እዩ (ገጽ 10 ርኣዩ)። |
| We can give advice and help on how to look after your home and you may qualify for vouchers to help with the cost of decorating. Please ask your housing officer for more information. | ንገዛኹም ብኸመይ ከምእትከታተሉ፡ ምኽርን ሓገዝን ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ንምጽብባቕ ዚጠፍእ ወጻኢ ንምኽፋል ዝሕግዘኩም ቮውቸራት ንኽትረኽቡ ድማ ብቑዓት ኽትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።<br>ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ሰራሕተኛ ኣባይቲ ሕተቱ። |
|  | |
| **Getting on with your neighbours** | **ምስ ጐሮባብትኹም ተሳኒኹም ምንባር** |

| | |
|---|---|
| Both you and your neighbours have the right to quiet enjoyment of your homes. This means that: | ንስኹምን ጐሮቤትኩምን፡ ህድኣት ዚሰፈኖ ገዛ ንኽህልወኩም መሰል ኣለኩም። እዚ ማለት ድማ፥ |
| You should ensure that you do not annoy other people by making a lot of noise, especially at night or early in the morning. Try not to have your TV too loud, avoid having noisy parties and banging and shouting. | ብፍላይ ኣብ ግዜ ምሸት ወይ ኣጋ-ንግሆ ብዙሕ ጫውጫውታ ብምግባር ንኻልእት ሰባት ክትረብሹ ኣይግባእን። ንድምጺ ተለቪዥንኩም ኣዚኹም ዓው ኣይተብሉ፣ ጫውጫውታ ዘለዎ ድግስ ኣይትግበሩ፣ ከምኡውን ገምታ ኣይትግብሩን ኣይትጨድሩን። |
| You, your household and your visitors should show respect to your neighbours through the way you talk to them and the way you behave. | ንስኹም፣ ስድራቤትኩም ከምኡውን በጻሕትኹም፡ ምስ ጐሮባብትኹም ኣብ እትዛረብሉን ጠባይኩም ኣብ እተርእይሉን ግዜ ኣኽብሮት ኸተርእዩ ይግባእ። |
| You must not behave in a violent or aggressive way to any neighbour or worker visiting your home. | ንዝኾነ ጐሮቤት ወይ ኣብ ገዛኹም ንዝበጽሓኩም ሰራሕተኛ፡ ዓማጺ ወይ ጐዳኢ ዚኾነ ጠባይ ኸተርእዩ ኣይግባእን። |
| You must not bully or harass anyone in the neighbourhood for any reason, but especially because you see them as being different from yourself. | ብዝኾነ ምኽንያት ብፍላይ ብሰንኪ ኻባኹም ዝተፈልየ'ዩ ኢልኩም ብምሕሳብኩም፡ ኣብ ከባቢኹም ንዚነብር ዝኾነ ሰብ ኸተፈራርሁ ወይ ኸተጥቅዑ ኣይግባኣን። |
| You should expect your neighbours to treat you in the same way. | ጐሮባብትኹም ድማ ንዓኹም ብተመሳሳሊ መንገዲ ኽሕዝኹም ትጽቢት ኽትገብሩ ይግባእ። |
| If your home has a garden, you should use it responsibly and not do things that could annoy your neighbours such as burning rubbish or letting pets foul in it. | ገዛኹም ጀርዲን ዘለዎ እንተኾይኑ፡ ሓላፍነት ተሰሚዕኩም ኽትጥቀሙሉ ይግባእ፣ ንጐሮባብትኩም ኽቖጥዑ ዝኽእሉ ኽም ምቕጻል ጐሓፍ ወይ ፍትዋት እንስሳ ኣብቲ ጐሓፍ ምጽዋት ዝኣመሰሉ ነገራት ኽትገብሩ የብልኩምን። |
| If you have a problem with your neighbour, try to deal with it directly by talking to them. If that doesn t work, then we can give you help and advice to try to resolve the problem. | ምስ ጐሮቤትኩም ሽግር እንተድኣ ኣጋጢምኩም፡ ምስኦም ብቐጥታ ብምዝርርብ ኽትፈትሕዎ ፈትኑ። ብኡእ እንተዘይተፈቲሑ፡ ነዚ ጸገም ንምፍታሕ ሓገዝን ምኽርን ክንህበኩም ንኽእል ኢና። |
| Page 8 | |
| **Other things you must do** | **ኽትገብርዎ ዘለኩም ኻልእ ነገራት** |
| You must tell KNH if there are any problems with your home and let them in to do essential repairs. | ኣብ ገዛኹም ዘጋጠመ ዝኾነ ጸገማት እንተልዩ፡ ንቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኸባቢ ኪርክሊስ ኸተዘራርቡ ይግባእ፣ ኣድላዪ ጽገናታት ንኽገብሩ ድማ ኣፍቅድሎም። |
| You should keep your home secure and look after your door keys. | ንገዛኹም ውሑስ ኽትገብሩን ንመፋትሕ ማዕጾኹም ድማ ኽትከታተሉን ይግባእ። |
| You must let us visit your property at least once a year to carry out gas safety checks. | ቑጽጽር ድሕነት ጋዝ ንምክያድ እንተወሓደ ሓንሳእ ኣብ ዓመት ናብ ገዛኹም ንኽንኣቱ ኸተፍቅዱልና ይግባእ። |
| You must let us know if you are away from your home for a long period of time and how you intend to pay the rent in your absence | ንንውሕ ዚበለ ግዜ ኻብ ገዛኹም ኣርሒቕኩም እትኸዱ እንተኼንኩም፡ ኣብቲ ዘየለኹሙሉ ግዜ ድማ ንኽራይኩም ብኸመይ ኽትከፍልዎ ከምዝመደብኩም ንሕና ኸምእንፈልጥ ኽትገብሩ ይግባእ። |
| You should not rent out all of your home to another person. | ምሉእ ገዛኹም፡ ንኻልእ ሰብ ኸተካርዩ ኣይግባእን። |
| You must give KNH four weeks notice if you decide to leave your | ኻብ ገዛኹም ኣርሒቕኩም ኽትከዱ እንተወሲንኩም፡ ንቤት ጽሕፈት ኣባይቲ |

| | |
|---|---|
| home and make sure that you return the keys to a KNH officer. | ኽባቢ ከርክሊስ ናይ ኣርባዕተ ሳምንታት ምልክታ ኽትህብዎ ይግባእ፣ ናብ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኽባቢ ኪርክሊስ ድማ መፋትሕ ኽትመልሱ ይግባእ። |
| You must leave your home clean, tidy and in good repair when ending your tenancy or you may have to pay towards putting things right. | ስምምዕ ኽራይኩም ኣብ ዘብቅዓሉ ግዜ፡ ንገዛኹም ኣጽሪኹም፣ ወጊንኩምን ኣብ ጽቡቕ ኹነታት ከምዚህሉ ብምግባርን ሓዲግክምዎ ኽትከዱ ይግባእ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ንዕኡ ንምውጋን ንዚግበር ነገራት ዚወጽእ ገንዘብ ድማ ኽምእትኽፍሉ ኽግበር ይከኣል እዩ። |
| Page 9 | |
| **What KNH must do** | **ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኽባቢ ኪርክሊስ (KNH) ኽገብሮ ዘለዎ እንታይ'ዩ** |
| **Neighbour problems** | **ጸገማት ጐሮቤት** |
| If your neighbour is not respecting your quiet enjoyment and you cannot talk to them about the problem (see page 5), or if your neighbour is harassing or bullying you, then we must act to stop to it. You should contact your neighbourhood office for help (see page 11). | ጐሮቤትኩም፡ ህድኣት ዝሰፈኖ ገዛ ከምዝህልወኩም እንተዘይገይሮም፡ ብዛዕባ'ቲ ጸገም'ቲ ድማ ንዕኦም ኽተዘራርቡ ዘይትኽእሉ እንተኼንኩም (ገጽ 5 ርኣዩ) ወይ ድማ ጐሮቤትኩም የጥቅዓኩም ወይ የፈርርሃኩም እንተልዩ፡ ንዕኡ ደው ንምባል ስጉምቲ ኽንወስድ ናይ ግድን ኽኸውን እዩ። ሓገዝ ንኽትረኽቡ ንቤት ጽሕፈት ከባቢ ኽትውከሱ ይግባእ (ገጽ 11 ርኣዩ)። |
| **Respecting your privacy** | **ንብሑትነትኩም ምኽባር** |
| KNH staff will only ask to come into your home for a good reason or when you have asked us to do so. We will usually give you at least 24 hours notice if we need to visit you. | ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኽባቢ ኪርክሊስ፡ ብቑዕ ምኽንያት እንተልይዎም ጥራይ ናብ ገዛኹም ንኽኣትዉ ኽሓትኩም እዮም ወይ ድማ ንኽመጹ ኣብ ዝሓተትክሙሉ ግዜ ኽመጽኹም እዮም። ናብ ገዛኹም ኽንመጽእ እንተኾይንና፡ መብዛሕቱ ግዜ እንተወሓደ ናይ 24 ሰዓታት ምልክታ ንህብ ኢና። |
| **Keeping you safe** | **ውሑሳት ኽምእትኾኑ ምግባር** |
| KNH must ensure that your gas supply and appliances, such as boiler or gas fire, are serviced once a year. | ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኽባቢ ኪርክሊስ፡ ቐረብ ጋዝን ከም መውዓዪ ወይ ናይ ጋዝ ምድጃ ዝኣምሰሉ መሳርሒታትን፡ ሓንሳእ ኣብ ዓመት ኣገልግሎት ኽምዚረክብ ይገብር። |
| If you have fitted your own gas appliances, then you are responsible for getting them serviced.<br>We must act quickly in an emergency such as a gas leak and may have to gain immediate entry to protect you and your property. | ናትኩም ናይ ጋዝ መሳርሒታት ዝተኸልኩም እንተኼንኩም፡ ባዕልኹም ኣገልግሎት ንኽትገብሩለን ሓላፍነትኩም እዩ።<br>ኽም ምልሓኽ ጋዝ ዝኣመሰሉ ሓደጋ ምስዘጋጥም ቐልጢፍና ስጉምቲ ኽንወስድ ናይ ግድን እዩ፣ ንዓኹምን ገዛኹምን ንምክልኻል ኣብ ዝመጸናሉ ግዜ ድማ ብህጹጽ ንኽንኣቱ ኽፍቀደልና ኣለዎ። |
| Page 10 | |
| **Repairs to your home** | **ኣብ ገዛኹም ጽገናታት ምግባር** |
| KNH must repair the inside of your home such as plumbing, electrics, doors and walls. However, if you have caused the | ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኽባቢ ኪርክሊስ፡ ኽም ቱቦታት፣ ኤለትሪክ፣ ማዕጾታትን መናድቕን ዝኣመሰሉ ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ንዝርከብ ነገራት ኽዐሪ ናይ ግድን |

| | |
|---|---|
| damage yourself then you may have to pay for the repair. | እዩ። እንተኾነ ግን፡ ነቲ ብልሽት ባዕልኹም ዘምጻእክምዎ እንተ፝ኼንኩም፡ ንዕኡ ንምጽጋን ኽምእትኽፍሉ ኽግበር ይከኣል እዩ። |
| We must keep the outside of your home in good repair. This includes things like your roof, external walls, guttering, and pipes. | ካብ ገዛኹም ወጻኢ ንዝርከብ ድማ ኣብ ጽቡቕ ኹነታት ከምዝህሉ ኽትገብሩ ይግባእ። እዚ ድማ ንኽም ናሕሲ፣ ናይ ደገ መናድቕ፣ መሽረብ ማይን ሻምብቆታትን ዝኣመሰለ ነገራት ዘጠቓልል እዩ። |
| We will carry out these repairs within a reasonable timescale as decided by law and KNH's published standards. | ጽገናታት ንዘድልዮም ነገራት፡ ኽምቲ ሕጊ ወሲንዎ ዘሎን ብመሰረት ተሓቲሞም ዝወጹ መምዘኒታት ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኽባቢ ኪርክሊስን ኣብ ርትዓዊ ገደብ-ግዜ ኽንጽግኖም ኢና። |
| We must also ensure that utilities such as water, heating, gas and electrics are working. However, you are responsible for paying utility bills or for keeping gas and electric meters topped up. | ኽም ማይ፣ መውዓዩ፣ ጋዝን ኤለትሪክን ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ይሰርሕ ከምዘሎ ድማ ኽነረጋግጽ ይግብኣና እኳ እንተኾነ፡ ንኽፍሊታት ኣገልግሎት ምኽፋል ወይ ንቖጸርቲ ጋዝን ኤለትሪክን ኣንቢብኩም ምምላእ ናትኩም ሓላፍነት እዩ። |
| **Enjoying your home** | **ኣብ ገዛኹም ብሓጐስ ምንባር** |
| Although there are things that you have to do as a tenant, we hope that you enjoy your new home. Remember that we are here to offer you advice and help on how to get the most out of it. | ኽም ተኻራያይ መጠን ኽትገብርዎ ዝግብኣኩም ነገራት እኳ እንተሃለወ፡ ኣብ ሓድሽ ገዛኹም ደስ ኢልኩም ንኽትነብሩ ግን ተስፋ ንገብር። ንገዛኹም ብዚበለጸ ብኽመይ ኽምእትጥቀምሉ ምኽርን ሓገዝን ንኽንህብ ድሉዋት ኢና። |

Page 11

| | |
|---|---|
| **Getting involved in your community** | **ኣብ ዘለኽምዎ ማሕበረ-ኮም ከምእትነጥፉ ምግባር** |
| There are lots of reasons why you might want to get involved in influencing what we do in your area: | ነቲ ኣብ ቦታኹም እንገብሮ ነገራት ኣብ ምጽላው ንስኹም ኽትነጥፉ ዝድለዩሉ ንምንታይ ምኳኑ ሓያሎ ምኽንያትት ኣለዉ፥ |
| • There may be particular issues which you think are not being addressed<br>• You might want to work with other people to improve the area<br>• You might want to stay up to date with what's going on locally<br>• You might want to get to know more people in your area | • ምክትታል ኣይተገብረሎምን ኢልኩም እትሓስብዎም ፍሉያት ጉዳያት ኽህልውኹም ስለዝኽእሉ<br>• ንቦታኹም ንኽተመሓይሹ ምስ ካልኦት ሰባት ኴንኩም ንኽትሰርሑ እትደልዩ ኽትኮኑ ስለእትኽእሉ<br>• ኣብ ከባቢኹም ንዚካየድ ነገራት ብቐጻሊ ንኽትፈልጡ እትደልዩ ኽትኮኑ ስለእትኽእሉ<br>• ኣብ ቦታኹም ምስ ዝርከቡ ኻልኦት ሰባት ኽትራኸቡ እትደልዩ ኽትኮኑ ስለእትኽእሉ |
| There are also lots of ways that you can get involved, including: | ኽትነጥፍሉ እትኽእሉ ሓያሎ መንገድታት ድማ ኣለዉ፤ ነዚኦም ድማ የጠቓልሉ፥ |
| • Tenants' and Residents' Associations (TRAs) – these are groups of people who get together to work to improve the area in which they live.<br>• Focus groups – KNH holds a range of discussion groups on particular issues with tenants and residents who have | • ማሕበራት ተኻረይትን ተቐማጠን (Tenants' and Residents' Associations (TRAs)) — ነቲ ዝነብርሉ ቦታ ንምምሕያሽ ብሓባር ዝሰርሑ ጉጅለታት ሰባት እዮም።<br>• ፍሉያት ጉጅለታት ኣተኵሮ (Focus groups) — ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኽባቢ ኪርክሊስ፡ ምስቶም ኣብ ፍሉያት ጉዳያት ተገዳስነት |

| | |
|---|---|
| an interest in that area.<br>• Community events – KNH organizes a range of events to consult with residents and to celebrate successful projects. | ዘለዎም ተኻረይትን ተቐማጦን ዝተፈላለየ ዝርርብ የካይድ።<br>• ኮማዊ መደባት (Community events) — ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኽባቢ ኪርክሊስ፡ ምስ ተቐማጦ ንምምኽኻርን ዕዉታት ፕሮጀክትታት ንምትግባርን ዝትፈላለየ መደባት ይውድብ። |
| To find out more about getting involved, contact your neighbourhood housing team, who will have much more information about groups in your area (see page 11). | ብኸመይ ኽምእትነጥፉ ብዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብዛዕባ'ቶም ኣብ ቦታኹም ዝርከቡ ጉጅለታት ዝምልከት ኣዝዩ ብዙሕ ሓበሬታ ስለዘለዎም፡ ንጉጅለ ኣባይቲ እቲ ዘለኽምዎ ኽባቢ ተወከሱ (ገጽ 11 ርኣዩ)። |
| **Questions?** | **ሕቶታት?** |
| We want your tenancy to be a success. Help us to achieve that by getting in touch with your neighbourhood housing team if you have any concerns or questions (see page 11). | እቲ ዝኣተክምዎ ስምምዕ ኽራይ ዕዉት ኽኸውን ንደሊ። ዝኾነ ስክፍታታት ወይ ሕቶታት እንተልይኩም፡ ምስ ጉጅለ ኣባይቲ እቲ ዘለኽምዎ ኽባቢ ርክብ ብምግባር፡ ንዕኦም ንኽንፈትሕ ሓግዙና (ገጽ 11 ርኣዩ)። |
| Page 12 | |
| **Useful contact numbers** | **ኣገደስቲ መወከሲ ቑጽርታት ተሌፎን** |
| Crime Stoppers **0800 555 111** | ምክልኻል ገበን (Crime Stoppers) **0800 555 111** |
| Energy advice (KNH) **01484 416733** | ምኽሪ ጸዓት (Energy advice (KNH)) **01484 416733** |
| Environmental Waste (bulky rubbish collection) **01484 414700** | ኣከባብያዊ ጐሓፍ (መጉሓፊ ዓበይቲ ጐሓፍ) (Environmental Waste (bulky rubbish collection)) **01484 414700** |
| Kirklees Council switchboard **01484 221000** | ማእከል ተሌፎን ቤት ምኽሪ ኪርክሊስ (Kirklees Council switchboard) **01484 221000** |
| Kirklees Federation of Tenants & Residents Associations (KFTRA) **01484 223466** | ማሕበራት ተኻረይትን ተቐማጦን ፈደረሽን ኪርክሊስ (Kirklees Federation of Tenants & Residents Associations (KFTRA)) **01484 223466** |
| Money Advice Team (KNH) **01484 223262** | ጉጅለ ምኽሪ ገንዘብ (Money Advice Team (KNH)) **01484 223262** |
| Neighbourhood policing teams **0845 6060606** | ጉጅለታት ፖሊስ ኽባቢ (Neighbourhood policing teams) **0845 6060606** |
| Noise problems **01484 226436** | ጸገማት ጫውጫውታ (Noise problems) **01484 226436** |
| Repairs call centre **01484 414800**<br>(Monday - Friday, 8am - 6pm) | ማእከል ጽገናታት (Repairs call centre) **01484 414800**<br>(ሰኑይ - ዓርቢ፡ 8ቅ.ቐ - 6ድ.ቐ) |

## Emergencies / out of hours

| | |
|---|---|
| Police, fire and ambulance | **999** |
| Night-time noise problems | **01484 416600** |
| Repairs | **01924 324700** |
| Social services | **01924 326489** |

## ህጹጽ ኩነታት / ድሕሪ ሰዓታት ስራሕ

| | |
|---|---|
| ፖሊስ፣ መጥፋእቲ ሓውን ኣምቡላንስን | **999** |
| ኣብ ግዜ-ምሸት ዘጋጥም ጸገማት ጫውጫውታ | **01484 416600** |
| ጽገናታት | **01924 324700** |
| ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት | **01924 326489** |



## Contact your Neighbourhood office

If you are visiting a Neighbourhood office phone ahead for opening times, or visit the KNH website www.knh.org.uk

## ንቤት ጽሕፈት ዘለኽምዎ ኽባቢ ተወከሱ

ንቤት ጽሕፈት ዘለኽምዎ ኽባቢ ብኣካል ኽትበጽሑ እንተኼንኩም፡ ቅድሚ እቲ ዝኽፈተሉ ግዜ ደውሉ ወይ ድማ ንመርበብ-ሓበሬታ KNH www.knh.org.uk ኽፈትኩም ርኣዩ።

| | | |
|---|---|---|
| **Almondbury & Holme Valley** | **01484 416500** almondbury@knh.org.uk | 12 New Street, Huddersfield, HD1 2AR |
| **Batley & Birstall** | **01924 326047** batley@knh.org.uk | Town Hall, Market Place, Batley. WF17 5DE |
| **Cleckheaton & Heckmondwike** | **01274 335050** cleckheaton@knh.org.uk | Town Hall, Cleckheaton. BD19 3RH |
| **Colne Valley** | **01484 416500** colnevalley@knh.org.uk | 12 New Street, Huddersfield, HD1 2AR |
| **Dalton, Denby Dale & Kirkburton** | **01484 226953** dalton@knh.org.uk | 12 New Street, Huddersfield, HD1 2AR |
| **Deighton** | **01484 234270** deighton@knh.org.uk | Chestnut Centre, Deighton, Huddersfield, HD2 1HJ |
| **Dewsbury & Mirfield** | **01924 431456** dewsbury@knh.org.uk | Town Hall, Old Wakefield Road, Dewsbury, WF12 8DG |
| **Huddersfield** | **01484 226953** huddersfield@knh.org.uk | 12 New Street, Huddersfield, HD1 2AR |
| **Newsome & Crosland Moor** | **01484 416500** newsome@knh.org.uk | 12 New Street, Huddersfield, HD1 2AR |


| | | |
|---|---|---|
| **Almondbury & Holme Valley** | **01484 416500** almondbury@knh.org.uk | 12 New Street, Huddersfield, HD1 2AR |
| **Batley & Birstall** | **01924 326047** batley@knh.org.uk | Town Hall, Market Place, Batley. WF17 5DE |
| **Cleckheaton & Heckmondwike** | **01274 335050** cleckheaton@knh.org.uk | Town Hall, Cleckheaton. BD19 3RH |
| **Colne Valley** | **01484 416500** colnevalley@knh.org.uk | 12 New Street, Huddersfield, HD1 2AR |
| **Dalton, Denby Dale & Kirkburton** | **01484 226953** dalton@knh.org.uk | 12 New Street, Huddersfield, HD1 2AR |
| **Deighton** | **01484 234270** deighton@knh.org.uk | Chestnut Centre, Deighton, Huddersfield, HD2 1HJ |
| **Dewsbury & Mirfield** | **01924 431456** dewsbury@knh.org.uk | Town Hall, Old Wakefield Road, Dewsbury, WF12 8DG |
| **Huddersfield** | **01484 226953** huddersfield@knh.org.uk | 12 New Street, Huddersfield, HD1 2AR |
| **Newsome & Crosland Moor** | **01484 416500** newsome@knh.org.uk | 12 New Street, Huddersfield, HD1 2AR |

| | |
|---|---|
| Main email: housing@knh.org.uk | ቀንዲ ኢመይል፥ housing@knh.org.uk |
| **Community Engagement (KNH)** | **ኮማዊ ንጥፈታት (ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኸባቢ ኪርክሊስ (KNH))** |
| Community Engagement Co-ordinator **01484 223213** | ኣዋሃሃዲ ኮማዊ ንጥፈታት **01484 223213** |
| Page 14 | |
| **Stay safe** | **ድሕነትኩም ሓልዉ** |
| Council services and other organisations usually won't call at your house without an appointment. If anybody does they will have an identity card from the organisation they represent. Before you even speak to them, ask to see it, and keep the door on the chain while you look it over. If you need glasses in order to read the card, close and lock the door before going to get them. Never leave the door open and unattended. | ኣገልግሎታት ቤት ምኽርን ካልኦት ትካላትን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ቖጸራ ከይሓዙ ናብ ገዛኹም ኣይክመጹን እዮም። ዝኾነ ሰብ ናብ ገዛኹም ኣብ ዝመጸሉ ግዜ፡ ወረቐት መንነት ናይታ ወኪልዋ ዝመጻ ትካል ሒዙ ኽመጽእ እዩ። ንዕኦም ቅድሚ ምዝርራብኩም፡ ንወረቐት መንነት ንኽርእዩኹም ብምሕታት፡ ክሳዕ እትርእይዎ ድማ ንሰንሰለት እቲ ማዕጾ ኣይትኽፈትዎ። ነቲ ወረቐት ኽተንብቡ መነጽር ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ኬድኩም ነቲ መነጽር ቅድሚ ምምጻእኩም፡ ነቲ ማዕጾ ዓጺኹም ሸጕርዎ። ማዕጾ ብኽፉቱን ሰብ ዘይብሉን ብፍጹም ኣይትሕደጉ። |
| Stay safe. For more information visit http://www.homeoffice.gov.uk | ድሕነትኩም ሓልዉ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንhttp://www.homeoffice.gov.uk ኸፈትኩም ርኣዩ። |
| Page 15 | |
| **Stay safe** | **ድሕነትኩም ሓልዉ** |
| Council services and other organisations usually won't call at your house without an appointment. If anybody does visit you, they will have an identity card from the organisation they represent. Before you let them in, ask to see it, and keep the chain on the door while you look it over. | ኣገልግሎታት ቤት ምኽርን ካልኦት ትካላትን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ቖጸራ ከይሓዙ ናብ ገዛኹም ኣይክመጹን እዮም። ዝኾነ ሰብ ናብ ገዛኹም ኣብ ዝመጸሉ ግዜ፡ ወረቐት መንነት ናይታ ወኪልዋ ዝመጻ ትካል ሒዙ ኽመጽእ እዩ። ንዕኦም ቅድሚ ምዝርራብኩም፡ ንወረቐት መንነት ንኽርእዩኹም ብምሕታት፡ ክሳዕ እትርእይዎ ድማ ንሰንሰለት እቲ ማዕጾ ኣይትኽፈትዎ። |
| If you need glasses in order to read the card, close and lock the door before going to get them. Never leave the door open and unattended. | ነቲ ወረቐት ኽተንብቡ መነጽር ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ኬድኩም ነቲ መነጽር ቅድሚ ምምጻእኩም፡ ነቲ ማዕጾ ዓጺኹም ሸጕርዎ። ማዕጾ ብኽፉቱን ሰብ ዘይብሉን ብፍጹም ኣይትሕደጉ። |
| Stay safe. For more information visit www.homeoffice.gov.uk | ድሕነትኩም ሓልዉ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንhttp://www.homeoffice.gov.uk ኸፈትኩም ርኣዩ። |
| Page 16 | |
| Ref: KNH Easy Read Printed on recycled paper.<br>Kirklees Neighbourhood Housing is controlled by<br>Kirklees Metropolitan Council under Part V<br>of the Local Government and<br>Housing Act 1989. | መወከሲ፥ KNH ብቐሊሉ ኣብ ዚንበብ፡ ደጊሙ ድማ ኣብ ዚምስራሕ ወረቐት ተሓቲሙ።<br>ኣባይቲ ኸባቢ ኪርክሊስ (Kirklees Neighbourhood Housing)፡<br>ብመሰረት Part V ኣዋጅ ዞባዊ ምምሕዳርን ኣባይትን 1989<br>(Local Government and Housing Act)፡<br>ቤት ምኽሪ ዞባ ኪርክሊስ (Kirklees Metropolitan Council)<br>ቑጽጽር ይግበረሉ። |
| If English is not your first language call the number below | እንግሊዝኛ፡ ቀንዲ ቛንቋኹም እንተዘይኮይኑ፡ ናብዛ ኣብ ታሕቲ ዘላ ቁጽሪ |

| | |
|---|---|
| 01484 226967 | **ተሌፎን ደውሉ**<br><br>01484 226967 |
| | |